ቢሮ ኮንስትራክሽን ፣መንገድን ትራንስፖርትን ክልል ትግራይ ዝረከብ ዳይሬክቶራት መንገድን ምዕባለን ምምሕዳርን ኣብ ናይ 2011ዓ/ም በጀት ዓመት ኣብ ወረዳ ኢሮብ ዓሲምባ እንዳ ቁሳ ሓራዛ ቃራ GC2 መንገዲ ዲዛይን ንምግባር ብ Highway and consultancy ብርኪ ፍቃድ ብደረጃ RC5ን ልዕሊኡን ዘለዎም ኣጫራቱ ከስርሕ ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጥሪ 6, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ረቡዕ የካቲት 6, 2011 04:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:15000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ረቡዕ የካቲት 6, 2011 04:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/ ኢንጅነሪንግ ዝዛመድ ኮንሳልታንሲይ/

1 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሐደሰ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ፣ምዝገባ ንግዲ፣ ናይ መለለይ ቁፅሪ ምዝገባ መረዳእታ፣ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት ፣ ተወሳኬ እሴት ታክስ ምዝገባ ምስክር ወረቀት ናይዚ ዓመት ግብሪ ዝኸፈለን : ናይ ዝሓለፈ ወርሒ 2011ዓ/ም ናይ ቫት ድክለሬሽን ዝገበርሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ፣ ዝተሓደሰ ናይ ስራሕ ኣማኸርቲ ዝተውሃበ ፍቃድ ዘለዎ፤

2 ተጫረቲ መኽበሪ ውሕስና ጨረታ ብቤሄራዊ ባንኪ ኢትዮጵያ ካብ ዝተፈቀደሉም ዝተፈለጡ ባንክታት ዝወሃብ አብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ውሕስና ቼክ ወይ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ 15000.00 ሽሕ ቅርሺ ከትሕዙ ኣለዎም።

3 ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ስራሕቲ ሳይት ካብ ዝተረከብሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 90 መዓልታት ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሞም ከረክቡ ኣለዎም።

4 ኩሎም ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ካብ 06/05/2011ዓ/ም ጀሚሩ ካብ ቢሮ ኮንስትራክሽን ፣መንገድን ትራንስፖርትን ክልል ትግራይ ዝረከብ ዳይሬክቶራት መንገድን ምዕባለን ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 152 ንነብሲ ወከፍ ፕሮጀክት ዘይምለስ 200.00 ቅርሺ ብምኽፋል ክገዝኡ ይኽእሉ እዮም።

5 ተጫረቲ ናይ ዝጫረትሉ ፕሮጀክት ቴክኒካልን ፋይናንሻልን ነንበይኑ ሓደ ዋና ክልተ ቅዳሕ ሰነዳት ጨረታ ናይ ስራሕ ኣማኸርቲ ምዝገባ ፍቃድ ፍቃድ ስራሕ ንግዲ፣ መቅረባይነት ምዝገባ ወረቀት ምስክር ፣ተወሳኬ እሴት ታክስ ምዝገባ ምስክር ወረቀት፣ናይ ዝሓለፈ ወርሒ 2011ዓ/ም ናይ ቫት ድክለሬሽን ዝገበርሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ፣ናይ መለለይ ቁፅሪ ምዝገባ መረዳእታ፣ ውሕስና ጨረታ (ቢድ ቦንድ) ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታታት ብምዕሻግ መሊሶም ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብቲ ልዕሊ ፖስታ ሸም ዝጫረትሉ ፕሮጀክትን ኣድራሻን ብዝርኣ ቀለም ብምፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 152 ናብ ዝተደለወ ሳንዱቅ ጨረታ ክሳብ 06/06/2011ዓ/ም ሰዓት 4:00 ናይ ቅድሚ ቀትሪ ብኣካል ብምምፃእ ከእትው ኣለዎም።

6 ተጫረቲ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝቀርቡ ቅጥዕታት ብትክክል መሊእኹም ንነብሲ ወከፍ ገፅ እቲ ሰነድ ፈሪሞምን ሃቲሞምን ቅደም ሰዓብ እቲ ሰነድ ከየዛብዑ እቲ ሰነድ ከምቲ ክሸየጥ ከሎ ዝነበረ ከየጋደሉ ከቅርቡ ኣለዎም።

7 እቲ ጨረታ ኩሎም ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ 06/06/2011ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 152 ይኽፈት።

8 እቲ ቢሮ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብ ቢሮ ኮንስትራክሽን ፣መንገድን ትራንስፖርትን ክልል ትግራይ ዝረከብ ዳይሬክቶራት መንገድን ምዕባለን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ምምሕዳርን ቢሮ ቁፅሪ 152 ብምምፃእ

ብስ.ቁፅሪ 0344-400050/410645 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle